# ሰንበት ዘደብረ ዘይት

## ታሕሣሥ 6, 2017 ዓ.ም.(12/15/24)

**መዝሙር፡** ሠርዐ ሰንበተ ለሰብእ ዕረፍተ...ሰብ ከዕርፈላ ምእንት ሰንበት ሰርዐ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ባሕርን ኣብ መሬትን ምእንቲ ዘለዉ።ምእንቲ ኣቦታትና ነብያትን ሓዋርያትን፥ምእንቲ ጳጳሳትን ቀሳውስትን ዲያቆናትን መነኮሳትን ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ፥ ንጻድቃንን ኃጥአንን ንሙታንን ሕያዋንን ኢሉ ሰንበት ምእንቲ ዕረፍቲ ሰብ ኢሉ ሰርዐ፥ ንሳ ሰንበት ክርስቶስ ማኅደር ስም ንልዑል እያ።

**ንባባት፡** ሮሜ 5፡12-19፥ ፩ጴጥ 3፡10-ፍ፥ ግ.ሓ. 26፡1-11፥ ማቴ 8፡5-11።

**ምስባክ፡** ለነዳያኒሃኒ ኣጽገቦም እክለ፥ወለካህናቲሃኒ ኣልበሶሙ ሕይወተ፥ወለጻቃኒሃኒ ትፍሥሕተ ይትፌሥሑ።

ምስጢር መዓልቲ ሰንበት ተረዲእና ኣብ ጥቕሚ ነፍስና ክነውዕላ የዘኻኽረና። ሰንበት መዓልቲ ዕረፍቲ ክብሃል እንከሎ ንኹሉ ግዙፋዊ ሥራሕና ገዲፍና ውራይ ነፍስና ክነቐድም ይነግረና። ኣብ መዓልቲ ሰንበት እንፍጽሞ ስርዓት ቅዳሴ ንሕያዋንን ንሙታን ኣብዘለና ኣሊና ከም ዝጠቕመና ፈሊጡ ተሳትፎና ከይንዝንግዕ ይመኽረና። ሰንበት ካብ ኩለን ዕለታት ዘዕብያ ክርስቶስ ካብ ሞት ዝተንሥኣላ ከምኡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ዝወረደላ ስለ ዝኾነት ንእና በዅሪ ዕለታት እያ፥ ካብ ኵለን ከአ ትዓቢ።

ሰንበት ዕለት ኣምላኽ ስለ ዝኾነት ክንስሓላ ሰላም ክንገብረላ ንጽጉም ክንረድኣላ ንዝተባእሱ እንዓርቀላ ልዕሊ ኹሉ ኸአ ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ቀሪብና ብምሉእ እንሳተፈላ ፍልይቲ ዕለት ምሕረትን ጸጋን እያ። ቤተ ክርስትያን ሰንበት መዓልቲ ኣኽብሩ ክትብለና እንከላ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ርኢና ነቲ ካብ ኣምላኽ ኣውጺኡና ዘሎ ክንሓድጎ ንኣምላኽ ልብና ክንከፍተሉ እሞ ክንቅደስ ንማለት እዩ እሞ ሰንበት ንቅድስና ሕይወትና ንጠቐመላ። ኣብ ምሕረት ኣምላኽ ኣሚና ኦ ጎይታይ ኣብ ቤተይ ክትአቱ ብቑዕ ኣይኮንኩን ዝብል ናይ ሎሚ ወንጌል እናስተንተና ሰንበትና ነብዕል።

ወንጌል ማቴዎስ ንሎሚ ዝተነበልና ዝሕብሮ ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ኣብ ገዛና ኣብ ኩሉ ኩነትና ከመይ ገርና ክንቅበሎ ከም ዘሎና የዘኻኽረና። እዚ ማቴዎስ ዝነግረና ኣብ ሉቃስ ኣብ 7፡1-5 ንረኽቦ ኣብ ማርቆስ ግን የለን። ቅፍርባሆም ሓንቲ ከብተን ኢየሱስ ብዙሕ ተኣምራታትን ትምህርትን ዝገበረላ ከተማ ግን ካብተን ምስማዕ ዝኣበያ ሓንቲ እያ ነራ። እዚ ሓለቓ ሚእቲ ኣብ ኢየሱስ ቀሪቡ ምሕረት ንወዱ/ ንጊላኡ ሓቲቱ። ንሱ ኣረማዊ እዩ ነሩ ብዙሓት ሮማዊ ዘይኮነ ሶርያዊ እዩ ነሩ ዝኸውን ዝብሉ ኣለዉ፥ ሉቃስ እቲ ሓለቓ ሚእቲ ብመንጎኝነት ሰባት ኣብ ኢየሱስ ከም ዝቐረበ ክነግር እንከሎ ማቴዎስ ግን ባዕሉ ከምዝቐረበ ገሩ ይሕብረና። ጎይታይ እናበለ ብኽብሪ ይቐርብ ንሓደ ክርስትያን ጎይታይ ክብል እንከሎ ልዕሊ ስነስርዓት ናይ ኣምልኾ ሰላምታ እዩ ነሩ።

**ጸገምና ምሉእ እምነት ገርና ኣብ ኢየሱስ ንቐረብ፡**

ሰብ ኣብ ሕይወቱ ተኣምራት ክርኢ ክልተ ነገር የድልዮ ምሉእ እምነትን ቅኑዕ ሕይወት ክለብስ የድሊ። ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ምሉእ እምነት ክህልዎም ማርያም ዝበለኩም ግበሩ ኢላቶም። ነቲ ዕዉር ኣብ መገዲ ኢያርኮ ዝረኸቦ ነዚ ክገብረልካ ትኣምንዶ ኢልዎ እወ ምስ በለ ብእምነት ብሥጋን ብነፍስን ክርኢ ክኢሉ።

ስለዚ ምሉእ እምነት ገርና ጸገማትና ሒዝና ኣብ ኢየሱስ እንተ ቐረብና ኩሉ ጊዜ ከምዝቕበለና ንምሃር፥ እዚ ታሪኽ ንትምህርቲ ነቶም ቀዳሞት ክርስትያን እዩ ተጻሒፉ፥ ብእምነት ክቐርቡ ዝነግር ታሪኽ እዩ። ኣምላኽ ምሕረቱ ከውርደልና ናታትና ተበግሶ እምነትና ዓቢ ተራ ኣልኦ።

ኢየሱስ ልመናን እምነትን ሓለቓ ሚእቲ ርእዩ እነኹ መጺአ ከሕውዮ እየ ኢልዎ፥ እንተ ኾነ እቲ ሓለቓ ንኹልና ዓቢ ትምህርቲ ዝኸውን ኅይታይ ንስኻ ናብ በተይ ክትአቱ ኣይበቅዕን እየ፥ ግና ሓንቲ ቃል ጥራይ ተዛረብ ወደይ ድማ ኹሓዊ እዩ ኢልዎ። ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ህዝቢ ቅድሚ ቅዱስ ቍርባን ምቕባል ኦእግዝእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣኮ ዘይደልወኒ ትባእ ታሕተ ጠፈረ ቤትየ ርኵስት. . . . . እናበሉ ጸሎት ይደግሙ። ከምኡ ኦ ኣምላኽና ካብ ምሕረትካ እምበር ከም በደልና ኣይትኽደና እናበልና ንጽሊ እዚ እውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘቕርብ ሓንቲ ግብሪ ከምዘይብልና እንተ ኾነ ኣብ ምሕረት ኣምላኽ ኣሚና ክንቀርብ እንከሎና ከም እንምሓር ስለ እናኣምን ምስ ኩሉ ኃጢአትና ንቐርብ።

## ኣምላኽ ኣብ ቤትና ክአቱ እንታይ የድሊ፡

ሰባት ብባህርና ዝኾነ ክቡር ሰብ እንፈትዎ ወይ እውን ብዓል ስልጣን ኣብ ቤትና ክንዕድሞ እንተ ኾና ንሰናዶ ዘድሊ ነቲ ጋሻና ዝበቅዕ ዝበልናዮ ንቕርብ ጋሻና ምእንቲ ክኽብርን ክሕጎስን፥ በዚ ኸአ ፍቕርናን ኣኽብሮትናን ንገልጽ እዚ ንግንም ሰብ ከማና ኢና እንገብሮ፥ ንኣምላኽ ንፈጣሪና እንገብሮ ምቅርራብ ድአ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ምበልና?

እዚ ሓለቓ ሚእቲ ጭዋ ሰብ ስለ ዝነበረ ንክቡር ጋሻኡ ክኸውን ዝደለ ክርስቶስ ንአኻ ዝበቅዕ ቤት የብለይን ኢሉ ብግሉጽ ገሊጹ እዚ ግን ኣብ ትሕትና ዝተመስረተ እዩ እምበር ንኢየሱስ ኣብ ቤቱ ከይአቱ ክዓግት ኢሉ ኣይኮነን። ኣብ ገዛይ ክትአቱ ብቑዕ ኣይኮኑኩን ክብል እንከሎ ክልተ ነገር እዩ ዘስምዕ፡ መጀመርያ ኢየሱስ ኣይሁዳዊ ስለ ዝኾነ ኣብ ቤት ኣረመን ክአቱ ኣይፍቀዶን እዩ፥ ከምኡ እንተ ገበረ ብህዝብን ብመራሕቲ ሃይማኖትን ክጽላእን ክስጎግን እዩ፥ እቲ ሓለቓ ሚእቲ ነዚ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ንኢየሱስ ኣብ ጸገም ከእትዎ ኣይደለን። ካልአይ ንኢየሱስ ከም ነብን ዓቢ ሰብን ስለ ዝረአዮ ምሉእ ትሕትና ገሩ ኣብ ገዛይ ክትአቱ ብቑዕ ኣይ ኮንኩን እዩ ዝብል ዘሎ። ንአና ሎሚ ዘድልየና ዘሎ እዚ ዳሕራይ ሓሳብ እዩ። ነዚ ዝስዕብ ሓሳባት ክነስተንትን ይሕግዘና።

- እምነት መሰረት ናይ ኩሉ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ እዩ፡ ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ ክንልምኖ ምሉእ እምነት የድልየና። ዘይንኣምን እንተ ኾና ኣምላኽ ካባና ርሑቕ እዩ ዘሎ። እምነተይ ብኸመይ እርእዮ? ኣበናይ ጊዜ እየ ዝኣምን? ኢልና ንርእስና ክንርኢ ኣሎና።
- ልብና ሕይወትና ጋዕዝዩ ብኃጢአት ተበላሽዩ እንከሎ ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ ኣይክእልን እዩ። ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቐውም ሳእኑ ከውጽእ ከምዘለዎ ተነጊሩ እዚ በቲ ግዚኡ ናይ ትሕትናን ኣምልኾን ምልክት እዩ ነሩ። ሎሚ ኣብ ቤት ኣምላኽ ቅድሚ ምእታውና ንዝኾነ ክፍአትን ቂምታን ኃጢአትን ክነውጽእ ኣሎና።
- ቤት ኣምላኽ ዝኾነ ልብና ክነጽሕ ይግብኦ። ረሲሑ ተበላሽዩ ተቐይሙ ኃጢኡ እንከሎ ኣብ ኣምላኽ ክቐርብ ኣይክእልን። ከይተገብኦ እንጌራ ኅይታ ዚበልዕ ወይስ ጽዋዕ ኅይታ ዚሰቲ ኣብ ናይ ኅይታ ሥጋን ደምን እዩ ዚዕግብ፥ እምብአር ሰብ ካብዚ እንጌራ እዚ ቅድሚ ምብልዑን ካብዚ ጽዋዕ ቅድሚ ምስታዩን ርእሱ ይመርምር፥ ከመይ ሥጋ ኅይታ ምዃኑ ፈልዩ ኸይፈለጠ ዚበልዕን ዝሰትን ኣብ ገዛእ ርእሱ ፍርዲ እዩ ዜምጽእ (1ቆሮ 11፡27-29)።
- ምስጠረ ንስሓ ክነዘውትር ኣሎና። ክዳና ሰውነትና ምስ ረስሐ ከም እንሓጽቦ ርስሓት ነፍስና ኸአ ብኑዛዜን ተኣምኖ ኃጢአትናን ኢና እነንጽሖ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተደፊእና ምሕረት ክንሓትት ብኃጢአትና ክንእመን የድሊ።

- ቅድሚ ኣብ መኣዲ ክርስቶስ ምቕራብና ሕልናና ክንምርምር ይግባእ። ምስ ጎይታይ ክራኸብ እንተ ኾይነ ሕይወተይ ከምኡ ርክበይ ምስ ሰባት ከመሎ ኢልና ንርእስና ክንሓትት ክንፍትሽ እዋኑ እዩ።

እምነት እዚ ሓለቓ ሚእቲ ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ሞጎስ ረኺቡ ክንድዚ ዝኣክል እምነት ኣብ እስራኤል ኣብ ሓደ እኳ ከም ዘይረኸብኩ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ኣብ ካእል እዋን ሰባት እዮም በቲ ኢየሱስ ዝገበሮ ክድነቑ እንርኢ ኣብዚ ግን ኣምላኽ ብፍጡሩ ክድነቕ እሞ ኣረማዊ ንርኢ። ኣብዚ እነስተንትኖ ኣብ ጊዜ ማቴዎስ እቶም ኣረማውያን ዝነበሩ ከመይ ኢሎም ኣብ እምነት ክርስትና ይቐርቡ ከምዝነበሩ ከምኡ ወንጌል ንኹሉ ከምዝኾነ ከስተምህር ዝብሎ እዩ። እምነት ብስም ተጠመቕካ ወይ ቤተ ክርስትያን ተመላለስካ ዘይኮነ ክነብሮ ኣሎና። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክነብር እዩ ዘድሊ ዘሎ። እምነት ክጠፍእ እንከሎ ሽዑ ምስኡ ርክብና ምስ ኣምላኽን ሰብን ይመውት። እምነትና ሕያው ክከውን እንከሎ ጥራሕ እዩ ኣብ ሓቂ እንነብር።

እመነተይ ከመሎ ኢልና ክንርኢ ዓይኒ ሕልናናን ልብና ክንፍትሽ ግቡእ እዩ። እምነት ክደርቕ ክድስክል ክመውት እውን ይክኣል እዩ፥ ስለዚ ምሕዳስ ምብርባር የድልዮ። ወንጌል ክንበብ እንከሎ፥ ቃል ኣምላኽ ክንሰምዕ ከሎና፥ ዓመት ዓመት ብዓላት ክነብዕል ከሎና ኣብ ምሕዳስ እምነትና ክሕግዘና ብማለት እዩ። ስለዚ ከምዚ ሓለቓ ሚእቲ ሕያው ዝኾነ እምነት ክንለብስ ንበራበር።

ክንኣምን እንከሎ ድላይና ይሰምር፥ ነዚ ሓለቓ ሚእቲ ኪድ ከም ዝኣመንካዮ ይኹነልካ ኢልዎ፤እቲ ወዱ ኸአ በታ ሰዓት እቲአ ሓወየ ይብል። ብምሉእ እምነት ክንቀርብ ከሎና ድላይ ኣምላኽ ኣባና ይፍጸም። ለምኑ ክትረኽቡ ኳሕኰሑ ክርሓወኩም ኢሉና፥ ብምሉእ እምነት ዝለመነ ኣምላኽ ከይሰምዖ ኣይተርፍን እዩ። ነቶም ኣብኡ ዝቀርቡ ዝነበሩ እዚ ክገብረልኩም ትኣምኑዶ ይብሎም ንሶም ከአ እወ እናበሉ ይሓውዩ ነሮም። እታ ከንኣናዊት ሰበይቲ ደጋጊማ ምስ ለመነት ከም ዝደለኽዮ ይኹነልኪ ኢልዋ።

ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጊዜ ክነሕልፍ ኣሎና። ብዙሓት ኣለማምና ኣይንኽእልን ኢና እግዚኣብሔር ድላይና ክገብረልና ኢና እንደሊ ግን ድላዩ እዩ ዝህበና ስለዚ ድላይካ ክቕበል ሓግዘኒ ዝብል ልመና ክነዘውትር የድሊ።

ሎሚ እምብኣር ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ መጀመርያ ምሉእ እምነት ከምዘድሊ፥ ንጽሑ ልብን ሕይወትና ክህልወና ከምዝግባእ፥ ኣምላኽ ኣብ ዝረስሐ ሕይወት ክአቱ ከምዘይደሊ፥ ፈሊጥና ሕይወትና ንኣምላኽ ዝበቅዕ ንግበሮ። ንትዕቢት ንድንቁርና ንኽፍኣት ኣብ ጎኒ ሓዲግና ኣብ ምንጭና ዝኾነ ኣምላኽ ንመለስ ሽዑ ኣምላኽ ክቕበለና ክባርኸና እዩ ነዚ የብቅዓና። ኣሜን።

ኣባ ንጉሡ ፍሥሓ